# 3ታሕሳስ ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ብድምቀት ተኸቢሩ!

ቀዳም 01.12. 2007ዓ/ም መበል 16 ዓመት ኣህጉራዊ መዓልቲ ስንኩላን ኣብ ስቱትጋርት ካብ ዝተፈላለየ ከተማታት ዝመጹ ልዕሊ 850 ህዝቢ ዝተሳተፎ ብሓልዮት ማሕበር ስንኩላን ኤርትራ ጨንፈር ስቱትጋርት ዝተወደበ ስንክልና ዘይምስራሕ እዩ! ስንኩላንና ንሓብሕብ! ኣብ ትሕቲ ዝብሉ ቴማ ምሉእ ኣታዊኡ ንስንኩላን ዝዓለመ ንሊሎ ባንድ ፍራንክፈርት ዝተሰነየ ድሙቕ ባህላዊ በዓል ተኻይዱ።

መደብ ብመንእሰያት ስቱትጋርት ብሃገራዊ መዝሙር ምስ ተኸፍተ ቀጺሉ ኣቦ መንበርማሕበር ስንኩላን ኤርትራ ጨንፈር ስቱትጋርት ኣቶ ሑሰን ከሊፋ እድሪስ (ሳሕበይ)ሰላምኡብምቕዳም ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታትን ብድሆታትን ማሕበር ስንኩላን ሓርበኛታት ኤርትራ ዝርዝር ድሕሪ ምሃቡ። ስንኩላን ንግቡእ ህይወቶም ክመርሑን ከፍርዩን ምትብባዕ ሕብረተሰብ ወሳኒ እዩ ድሕሪ ምባል ኣብ ስንኩላን ዘሎ ኣሉታዊ ኣመለኻኽታ ሕብረተሰብ ካብ ስሩ ክመሐ ክቕየርን ከምዝግባእ ኣረዲኡ። ስንክልና ዘይምስራሕ ምኻኑ ብምንጻር፡ ነዚ በዓል እዚ ዕውት ኣብ ምግባር ብፍላይ ንኩሉንትናዊ ዕዙዝ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ኩሉ መዳይ ብምሙጋስ ንኩሎም ተሳተፍትን ነቶም ብርዱእ ማሕበራዊ ጉዳይ ኣብዚ በዓል እዚ ንክሳተፉ ዘይከኣሉ ከም መርኣያ ደገፎምን ልዑል ኣኽብሮት ንስንኩላን መንፈሶም ንምዕጋብ ናይ መእተዊ ዋጋ ብወለንታኦም ዝኸፈሉ ከም ኣብነት ብምጥቃስ ብልቢ ኣመስጊኑ።

ኣብዚ ኣጋጣሚ ናይ ደገፍ መልእኽቲ ኣምባሳደር ሃገር ኤርትራ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን ማሕበረኮም ኤርትራ ኣብ ስቱትጋርትን ከንባቢኡን ተነቢቡ።ኤርትራውያን መንእሰያትን ወጻእተኛትት ሂፕ ሆፕ ግሩፐስ ብምድጋፍ ድምቀት ሂቦም። ኣቦታት ድማ እምብልታ ወቒዖም ። ኣታዊ ንምኾባት ሰለስተ ሽልማት ዘቓለለ ዕጫ ተኻይዱ።

ኣብዚ ብብዝሒ ትሕተ ዕድመን መንእሰያትን ዘዕለቕለቀ መደብ ስሚዕቶምን ድሌቶምን ዝዳህሰሰ፡ ዕግበቶም  ዘንጸባረቀ ኣሳታፊ መደብ፡ ብርክት ዝበሉ ሃገራዊያን ዝተሳተፍሉ ብዓይነት ፍልይ ዝበለ ብምንባሩ ጎሊሑ ዝንበብ ፍሉይ ድምቀት ነይርዎ።

ኩሉሓፈያዊ ምምራሕን ምውህሃድን መደባትን ምቅሊት ስራሕን ብመንእሰያት ኣባላት ማሕበር ስንኩላን ተዓሚሙ። ሃናጺ መልእትታት ተመሓላሊፎም፡ ናይ ብሐራት ሳዕሲዒት፡ ድራማታት፡ ከምኡውን ኣብ መድረኽ ዘዋስኡ ናይ ሓፈሻዊ ፍልጠትን ኣዘናጋዕትን መሃርትን ሕቶታትን፡ ብምድላው ንኹሉ ተሳታፊ መሲጦም። ኣብ ስንኩላን ዘለዎም ሓልዮትን ኣኽብሮትን ብተግባር ኣጸባሪኞም። ነዚ ንሰናይ ዕላማ ሓድነቶምን መንነቶምን ዓቒቦም ብዝሓየለ ዉደባ ክቕጽልዎ ድማ ቃሎም ኣሐዲሶም።

ኣብዚ ስደት ባንድ(Tigrigna hip Hop ካብ ስቱትጋርት) መንእሰያት ዳኒኤል ኣስገዶምን ዮዲት ምስ ፈሽን፡ Respektable (Deutch Hip Hop ካብ ስቱትጋርት) Hypitt Hip Hop በቢ መብረ ተቀባቢሎም ንመዛናኦም ዝምስጥ ደርፌ ደሪፎም፡ ስዒቦም ነዚ ዉዕዉዕ ሃዋሁ ሊሎ ባንድ ካብ ፍራንክፈርት ብወናም ድምጻዊ ተኽልያስ ተሰኒዮም ብባህላውን ሰውራውን ዘመናውን ዕሙር ሙዚቃ ወኒ ህዝቢ ኣበራቢሮም። እዚ ኤርትራዊ ኣብ ስንኩላኑ ዘልዎ ርህራህናኽብሮትን ብዓይነት ተሳተፍቲ ዘውሓሰ መደብ ርዉየትን ፍስሃን ብዝዓሰሎ መንፈስ ብሰላምን ዓወትን ተዛዚሙ።

ማሕበር ስንኩላን ኤርትራ ጨንፈር ስቱትጋርት።

ስንክልና ዘይምስራሕ እዩ!

ዓወት ንሓፋሽ!!